# ዝኽሪ ፡ ስዉእ ዶክቶር ያሕያ ጃብር

## ብዑማር ሙሓማድ ኣሕማድ



ስዉእ ያሕያ ጃብር ፡ ኣብ ዓሊ ግድር ዝዓበየ  እዩ  ።

ሕብረተ ሰብኣዊ ፣ ቁጠባዊ ፣ ጆግራፊካዊ ኩነታት ናይዚ ቦታ ንፖቲካዊ ንቅሓት ልሉያት ተቀማጦ ናይዚ ዓዲ ከብ ኣብ ምባል ግደ ነሩዎ ።

እዞም ተሰማዕቲ ናይዚ ዓዲ ደቆም ትምህርቲ ንምቅጻል ንደቆም ናብ ሱዳን ይልእኹ ነሮም ። ንኣብነት ስዉእ ተጋዳላይ ኣዜን ያሲን  ፣ ስዉእ ተጋዳልይ እድሪስ ግላዎድዮስ  ወዘተ

ስዉእ ዶክቶር ያሕያ ጃብር ሓደ ካብኣቶም ኮይኑ ትምህርቱ ንምቅጻል ንሱዳን ኣብታ ሓንቱብ ዝተባህለት ደቂ ዉሩያት ሱዳናዊያን ዝማሃሩላ ዝነበሩ ቤት ትምህርቲ ሓንቱብ ተማሂሩ ።

ድሕሪኡ ናብ ኢጣሊያ ተጓዒዙ ዝላዓለ ትምህርቲ ኣጠናቂቑ  ብዶቶረይት ዝተመረቀ ሰብ እዩ ። ተማሃራይ ከሎ ኣባል ምንቅስቃስ ተማሃሮ ኤርትራዊያን ኮይኑ ኣብቲ ብመሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝካየድ ዝነበረ ዕላማታት ቃልሲ ሃገሩ ኤርትራ ንምዕዋት ይዋሳእ ነሩ ። ዝላዓለ ትምህርቲ ምስ ወደኤ ብቀጥታ ብ1970 ምግዳሉ ንምቅጻል ንሜዳ ወጺኡ ። እቲ ናይ መጀመሪያ ኣብ ሰልፈታት ሰራዊት ሓርነትን ክፍሊታት ሰውራን ኣብ ሜዳ ዝጽምበር ናይ መጀመሪያ ዶክቶር ድማ ነበረ ።

ስዉእ ቃልሱ ብትብዓትን ፍናንን ከካይድ ጸንሐ ፡ ሕክምናዊ ስርሑ እንዳኣካየደ ካብ ከተማ ኣቁርዳት ዝወጸ ሰራዊት ጸላኢ ኣብቲ ዶክቶር ያሕያ ሕሙማትን ዉጉኣትን ዝኣለየሉ ዝነበር ቦታ ሶሊኹ ብምእታው ቶኽሲ ከፈተሎም ። ምስ

ዶክቶር ዝነበሩ ሕሙማትን ኮለ(ብረት ዘይነበሮም) ስለዝነበሩ ስዉእ ዶክቶር ያሕያ ጃብር ናዓኣቶም ነፍሶም ከውጽኡ ሓብሩዎም ብዳሓን ወጺኦም ፣ ንሱ ግና ናዓኣቶም እንዳተኸላኸለ ብጸላኢ ታሃሪሙ ኣብዛ ዕለት 31/7/1971 ተሰዊኡ ።

**ምልከታ ፡**

እዚ ጽሑፍ ኣብ መርበብ ሳግዲት ብዕለት 20/3/2019 ብዑመር ሙሓመድ ኣሕመድ ብዓረብኛ ዝወጸ ኮይኑ ፣ ጠቕላላ ማሕበር ተማሃሮ ኤርትራ ( ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ) ኣብ ቀዳማይ ጉባኤኡ ፣ ነዛ ዕለት መስዋእቱ ዕለተ ኤርትራዊ ተማሃራይ ተባሂላ ክትኽብር ዝሰመያ ዕለት ብምዃና ፣ ብምኽንያት ዝኽሪ ስዉእ ዶክቶር ያሕያ ጃብር ኣብ ትግርኛ ቶርግመ ይሰዳ ።

ዓብደላ ሓሰን

31/7/2019